# ንኹሉ እንተታት ንኹን ድሉዋት

ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ፡ ማለት ሓደ ነገር ካብ ምስመጸ ተብተብ ምባል ኣቐዲምካ ነቶም ክመጹ ይኽእሉዮም ኢልካ ግምት ትገብረሎም፡ ከሎ ገና ተዳሊኻሎም ምጽናሕ ፍርቒ ዓወት ዓቲርካ ኣሎኻ ማለትዩ። ነቲ ዝተረፈ ፍርቂ ኣብ ረፍዲ ተካርጆ። ንዓና ንኤርትራውያን እንታይ ከምዝመጹና ሓበሬታ ዘድልየና ኣይመስለንን። ምንቕቓሕ ግን ኩሉ ግዜ ክፍለየና ኣይግባእን። ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮና ኣብቲ ሃንደበታት ዘጋጥሙና ሰብ ይኹን ባህሪ ዝፈጠሮም ተጻብኦታት ምስ ኮኑ ኢና ከም ዕስለ ንህቢ ተሲእና ንምክቶም። ብገንዘብ ብንብረት ብሰብኣዊ ድሉውነት ተዳሊና እንተንጸንሕ ንሰራሕና ምቐለለ፡ ኣበርክቶና ኣብ ክንድ ብሓንሳ ንጭነቐሉ በብቑሩብ ምተዋህለለ ምቐለለ።

ክልተ ኣብነት ብዛዕባ ተዳሊኻ ምጽናሕ ክጠቅስ። 1ይ) ኣብነት
ሀ-ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝምልከት። ሓረስቶት ሃገርና ኣብ ግዜ ሓጋይ ግራውቶም ድልድላት (ደረታት) ይገብርሉ። ዝናብ ኣብዝመጸሉ እቲ ማይ መታን ኣብቲ ግራውቲ ተሰትዩ ክተርፍ። ብፍላይ ኣብ በዓል ሽዕብ ገድገድ ነቲ ካብ በረኽቲ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝውሕዝ ማይ ኮንቱ ክከይድ ኣብ ሓጋይ ቅድሚ ዝናብ ኣብ ከበሳ ምጅማሩ ንሜረቶም ዓግማት ማለት ኣብዑር ጸሚዶም ብወፈራታት ማይ ከይሓልፎም ዓበይቲ ናይ ሓመድ ድልድላ የዳልዉ። ኩሉቲ ካብ በረኽቲ ዝወረደ ፈሳሲታት ኣብቲ ግራውቶም ተሰስትዩ ይተርፍ። ማሕረስ ምስ ኮነ ዘራእቶም እኹል ማይ ካብ ሜረት ይሰቲ።
ለ- ኣብነት ሃገርና ኣብ ሓውሲ ሰሃራ ስለ ትርከብ ዋሕዲ ናይ ዝናብ የጋጥማ እዩ። ዋሕዲ ዝናብ እንተሎ ዋሕዲ ምህርቲ ክህሉ ግድንዩ። ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ብብዙሕ ሸንኽ ካባና ንላዕሊ ባህርያዊ ትዕድልቲ ከለወን፡ ዓመት መጸ ህዝበን ብሰንኪ ድርቂ ረዲኤት ምሕታት ከም ሃገራዊ ኣጀንድኤን ገረንኦ ንዕዘብ።

እቲ ክሕተትን ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኣብ ኤርትራ ድርቂ ኣይክሰትን ድዩ? መልሱ ይኽሰት እምበር። ስለምንታይ ድኣ ረዲኤት ኣይሕተትን? ጥሜት ስለ ዘየለ። ብኸመይ? መንግስቲ ኤርትራ "ንኹሉ እንተታት ኣቐዲሙ ተዳልዩሉ ስለ ዝጸንሐ፡ ካብቶም ቀንዲ መደባቱ ሓደ ውሕስነት መግቢ ምርግጋጽ ስለ ዝኾነ ቀዳምነት ሂቡዩ ዝሰርሓሉ። ጥብ ዝበለት ማይ ትትዓቀብ ክብል ከሎ ኣቀዲሙ ንኩነታት ዝናብ ኣብ ሃገርና ስለ ዝፈልጦን ዘጽንዖን ። ብኡ መሰረት ኣብ መላእ ሃገር ዓበይትን ነኣሽቱን ዲጋታት፡ ሓጽብታ፡ ከትርታትን ዛላታት ዘዋደደን ዘዋድድ ዘሎን። እዚ ክልተ ኣብነት ንማሕበራዊ ጉዳይ ዘመልክት ኣብነታት እዩ።

2ይ) ኣብነት ንድሕነት ሃገር ዝምልከት እዩ። ህዝባዊ ግንባር ንመላእ ኤርትራ ነጻ ኣውጺኤ'የ ኢሉ ኮፍ ክብል ኣይመረጽን። ኣብ ሓሳቡውን ኣብ ሓሳቡ'ውን ዝነበረ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ብርዲኢተይን ኩውንነት ዝመስከሮን እቲ ብድሕሪ ነጻነት ዘጋጠመ ተጻብኦታት እኹል ኣብነት'ዩ ። ህዝባዊ ግንባር ነቶም ድሕሪ ነጻነት ዝተኸስቱ ጠንቅታት ድዩ ወይስ ካልኦት ብዘየገድስ ገለ ኪጋጥም ከም ዝኽእል ዝተገንዘበ'ዩ ኔሩ። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ሰላሳ ዓመት ተሞኩሮ ብረታዊ ቃልስን ቅድሚኡ ዓመታት ዝነበሩ ተጻብኦታት ድሕሪ ነጻነት ክበልዩ እዮም ዝብል ሓሳብ ኣይነበሮን። ካብቲ ብዙሕ ምኽንያታት፡ ሓደ ስሕበት ኣቀማምጣ መሬት ኤርትራ ምስ ባሕራ፥ ካልኣይ መርገጽ ህዝባዊ ግንባር ንፍትሒ፡ ሳልሳይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ነጻነተን ክወሃባ ከለዋ ኤርትራ ተነፊጉዋ። ህ/ግንባር ንኹሉ ህሉፍ ታሪኽን ተሞኩሮን ኣዳቒቑ ስለ ዝፈለጠ ረፈረንዶም ክግበር ዝወሰነ። ኣብቲ ሽዑ ብቕልጽምና ዘምጸእናያ ነጻነት ረፈረዶም ኣየድልን ኢልና ዘዕዘምዘምና ብዙሓት ኢና ኔርና። ንሱ ሓሊፉ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ክቕጽል መደበር ኣብ

ሳዋ ይመስረት ኣብ ዝተባህለሉ እዋን፡ ህዝባዊ ግንባር ዓቢዱ፡ ኣብ ሳሕል ዘሎዶ መሲሉዎ ዝብል መረረታትን ምኹናናትን ሰፊሕን ብዙሕን ከም ዝነበረ ዝርሳዕ ኣይመስለንን።

ነዚ ዝተጠቕሰ ኣብነታትን ፍርኡን ኣጠቓሊልና ክንርእዮ ከሎና፡ ዝነጠበት ማይ እንተዘይትዕቀብ፡ ንጽንኩር ግዜ እኽሊ እንተዘይከጸዘን፡ መስርዕና ኣብ ረዲኤ እሞኽኣ ኣብ መወዳእታ መስርዕ ምኾነ። ዕድመ ንመራሕትና ለማኖ ንከይንኸውን ዝገበሩና። ብውዕዩ ረፈረንዶም እንተዘይግበር ኔሩ፡ ሎሚ ምስዚ ንርእዮ ዘሎና ወለቓ ዘለቓን፡ ኤርትራ ተወሊደላ እንበር መቦቀለይ ትግራዋይ እየ ዝብል ተጻብኢታ፡ ክሕደት ናይቶም ዝዋግኡን ዘዋግኡን ዝነበሩ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ገበን፡ ንናይ ሕጂ መኸተና ክሳብ ክንደይ ከሸግር ክምዝኽእል ዝርድኣና መስለኒ። መደበር ሳዋ ክትምስረት ከላ ወይጉድ! ህዝባዊ ግንባር ይሓልም ኣሎ፡ ሃገር ነጻ ወጺኣባ በሎምም ይበሃል ከምዘይነበረ፥ 1998 ወራር ወያነ ምስ ተበገሰ ደቂ ሳዋ እንተዘይነብሩን እንተዘይነብራን እቲ ንሰላሳ ዓመታት ተዋጊኡ፡ ሰንኪሉ ደኺሙ ሸግርና ተወዲኡ ኢሉ ኣብ ምዝናይ ዝነበረን፡ ክሳብ ክንደይ ሓያል ብድሆ ምኾና ጥራሕ ዘይኮነስ ምበድሆዶ? ኢልካ ዘሕትት'ዩ።

እዞም ሎሚ ብውሱብነት ዝፍለጡ ዘለዉ ከድዓት ንምስረታ ሳዋ ኣትሪሮም ዝቋወሙ ዝነበሩ፡ ኣብ እዋን ውግእ ዶብ ምስ ወያነ ኮይኖም ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ባረዩ ኢሰያስ ክጠፍኡ ኣለዎም ዝብሉ መሳሰይቲ ህወሓት፡ ሕጂ ከኣ ህዝቢ ኣምሓራን ዓፋርን ብጁንታ እናተቐጥቀጠ ከሎ ኣብ ጎና ኮይኖም ዝድግፍዋ ዘለዉ፡ ኤርትራ ይትረፍ ኢትዮጵያ ኣይክርእዩዋን እዮም።

ደቂ ኤረይ ኣብታ ኣርእስተይ ክምለስ **"ከም ንኹሉ እንተታት ተዳሊኻ ምጽናሕ ዝመስልዎ የለን"** እሞ ሃገርና ተጠማቲት፡ መርገጽና ንውጹዓት ዝውክል፡ ሓድነትና ተሪርር፡ ተሞኩሮና ሃብታም፡ መራሕትናን ሰራዊትናን ዉፉያት፡ ህዝብና ጽኑዕ ካብኮነ፡ ጸላእትና ደቂሶም ከምዘይሓድሩ ሚእቲ ብሚእቲ ርጉጽ ስለ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ድሕነትና ዝለዓለ ጥንቃቐ ስለ ዘድልዮ፡ ውግእ ምምናይ ዘይኮነስ ካብ ተመኩሮ ዝወለዶ ክውንነት ተበጊሰ ኩሉና ኤርትራውያን ኣበየናይ ሃገር ንነብር ኣሎና ብዘየገድስ፡ ወተሃደራዊ ኣፍልጦ ዝነበረና/ነበረን ኣፍልጠና ከነሔድስ፡ ዘይነበረና ስልጠና ክንወስድ ኣብ ዝድለየሉ እዋን ድሉዋት ኮይና ክንጸንሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስምዓኒ። ከም ሃገርን ህዝብን ነጻ ክንነብር እንተድኣ ኮይንና ክወረና ንዝመጽእ ሓይሊ ናይ ምምካት ዓቕምና ብቁዓት ኮይንና ኣብ ጎኒ ሰራዊትና ተሰሊፍና ጸላእትና ክንምክት ጉቡእና ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ዜጋታት ግደታዊ ሓላፍነትና እዩ። ግዚኡን ዓይነቱን ንዝምልከቶም ይግደፍ። "ንዝኾነ እዋን ተዳሊና ክንጸንሕ ምሕሳብ ዘድልዮ ኮይኑ ኣይስምዓንን። እቲ ክፍኣት ጸላእትና መዓስን፡ ብኸንደይ ሰራዊትን ከምዘበግስዎ ናቶም ኣጀንዳ ስለ ዝኾነ ክንፈልጦ ኣጸጋሚ'ዩ።

**መተሓሳሰቢ፡** ኣብ ሃገር ዘሎ ህዝብና ኣብኡ ኣሎ። ጽሑፈይ ብቐንዱ ናብ ወጻኢ ንነብር ኤርትራውያን ፈተውቲ ሃገርና ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኣነ ሃገረይ ልዕላውነታ ምስ ትድፈር ግደይ እንታይ'ዩ ኢሉ ንዝሓስብ እቲ መልሲ ንጹር'ዩ። ክከላኸለላ ኣሎኒ ስለ ዝኾነ ወተሃደራዊ ኣፍልጦ ክህልወና ኣለዎ።

ዘልኣለማዊ
ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ሞሳ ንምክልኻል ሓይልታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ ህዝብና፡
ገብረንጉስ መስመር